NHS

# HPV

## vaccination

### መንሸሮ ከይሕዘኩም ስግኣት ንምንካይ ንኽሕግዝ ካብ ተላጋቢ ሕማም ኤች ፒ ቪ ምክልኻል



arm against cancer

# ኣድማሳዊ ኤች ፒ ቪ

## መደብ ክታበት

ናይ ኤች ፒ ቪ ክታበት ልዕሊ ዓሰርተ ዓመታት ዝዕድሚኤን ንኹለን ኣብ 8ናይ ክፍሊ ቤት ትምህርቲ ዝርከባ ኣዋልድ ንክውሃብ ዕድል ክወሃብ ጸኒሑ እዩ። ካብ ወርሒ መስከረም 2019 ጀሚሩ እቲ ክታበት ን7ዓይ ክፍሊ ኣወዳት`ውን ክውሃብ ዕድል ክወሃብ ጸኒሑ እዩ።

እዚ`ኸኣ ናይ ኤች ፒ ቪ ቫይረስ ክታበት፣ ኣወዳትን ኣዋልድን ምስ ኤች ፒ ቪ ዝዛመድ መንሸሮ ከይሕዞም ዝሕግዝ ምኳኑ ዝሕብር ጭብጢ ግልጺ ስለዝኾነ እዩ።

### ናይ ኤች ፒ ቪ ክታበት፣ ካብ መጥቃዕቲ ሂውማን ፓፒሎማቫይረስ (ኤች ፒ ቪ) ንኽትካላኸሉ ይሕግዘኩም።

እቲ ቫይረዝ እዚ ኣብ ናይ መጻኢ ሂወት በዞም ስዒቦም ዘለዉ ዓይነታት መንሸሮ ናይ ምትሓዝ ስግኣት ይውስኽ እዩ:

- ናይ ማህጸን መንሸሮ
- ገለ ዓይነታት መንሸሮ ኣፍን ጎሮሮን
- ገለ ኣብከባቢ መውጽኢ ቀልቀልን ከባቢ ፍረ ነብስን ዘጥቅዕ ዓይነታት መንሸሮ።


ናይ ኤች ፒ ቪ ክታበት፣ ካብ ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ካልኦት ሕማማት ኣይካላኸልን እዩ።

# ኤችፒቪ ዝስፋሕፋሓሉ መንገዲ


**ምልጋብ ሕማም ኤች ፒ ቪ ኣዝዩ ብብዝሒ ዘጋጥም እዩ።** ልዕሊ 70% ዘይተኸትቡ ሰባት ዝሕዞም እዩ

70%

**ኤች ፒ ቪ ኣብ ቆርበት ከምኡ`ውን ኣብ ውሽጥን ከባቢን ፍረ ነብሲ እዩ ዝነብር፣** ስለዝኾነ ኮንዶም ምጥቃም ካብ ኤች ፒ ቪ ሙሉእ ብሙሉእ ኣይካላኸለልናን እዩ




**ብዙሓት ዝተፋላለዩ ዓይነታት** ኤች ፒ ቪ ኣለዉ



መብዛሕቲኦም ሕማማት ኤች ፒ ቪ ወላሓደ ምልክት ሕማም ኣየርእዩን እዮም፣ ከምኡ`ውን **ባዕሎም ይሓውዩ እዮም**



**ገሊኦም ኣይከዱን እዮም** ከምኡ`ውን መንሸሮ ከስዕቡ ይኽእሉ፣ ካልኦት`ውን ናይ ፍረ ነብሲ ጡብ ኣድጊ የስዕቡ



## ክሳብ ሕጂ ናይ ኤች ፒ ቪ ክታበት እንታይ ለውጢ ኣምጺኡ ኣሎ?

ኣብ ሙሉእ ዓለም ልዕሊ 80 ሚልየን ሰባት ክታበት ተጌሩሎም ኣሎ።

ንመጻኢ እቲ ክታበት ኣብ ዩኬይ ኣብ ዓመት ብሚእትታት ናይ ዝቑጸሩ ሰባት ሂወት ከምዘድሕን ትጽቢት ኣሎ። ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ስኮትላንድ ዝተገብረ መጽናዕቲ ኣብ መናእስተይ ደቂ ኣንስትዮ ንናይ ቅድመ-መንሸሮ ናይ ማህጸን ሕማም ብ71% ቀኒስዎ ከምዘሎ የርኢ።

ኣብ ዩኬይ ናይ ክታበት መደብ ካብ ዝጀመረሉ እዋን፣ ንመናእሰያት ዘጋጥሞም ናይ ፍረ ነብሲ ጡብ ኣድጊ ብዝሒ ብጣዕሚ ቀኒሱ ኣሎ።

## ናይ ኤች ፒ ቪ ክታበት ምውሳድ

እቲ ክታበት ኣብ ኢድ እዩ ዝውሃብ፣ ከምኡ`ውን ብሙሉእ መልክዕ ምክልኻል ንምርካብ ክልተ ግዜ ምኽታብ የድሊ።

ናይ መጀመርታ መርፍእ ኣብ 8ናይ ክፍሊ እዩ ዝውጋእ፣ እቲ ኻልኣይ ከኣ መብዛሕቱኡ ግዜ ድሕሪ ካብ 6 ክሳብ 12 ኣዋርሕ እዩ። ካልኣይ መርፍእ ትውግኡሉ ግዜ ክንገረኩም እዩ።



እቲ ክታበት ብዝበለጸ መልክዕ ንኽካላኸለልኩም፣ ልምዲ ጾታዊ ርክብ ቅድሚ ምጅማርኩም ክወሃበኩም ኣለዎ።

ልምዲ ጾታዊ ርክብ ዝጀመርኩም ወላ እንተኾይንኩም፣ ብድሕሪኡ`ውን እቲ ክታበት ክወሃበኩም ኣለዎ።



## መጀመርታ ናይ ኤች ፒ ቪ ክታበት ከይገበርኩ 15 ዓመት እንተመላእኩ`ኸ?

15 ዓመት ከይመላእኩም ናይ ኤች ፒ ቪ ክታበት እንተዘይጌርኩም፣ ሰለስተ ግዜ መርፍእ ምውጋእ ከድልየኩም እዩ። እዚ ኸኣ ክልተ ግዜ መርፍእ ምውጋእ ኣብ ዕብይ ዝበሉ ኣዋልድን ኣወዳትን ዘለዎ ውጽኢት እኹል ስለዘይኮነ እዩ።

እቲ ካልኣይ ዝውጋእ መርፍእ፣ ካብ ናይ መጀመርታ መርፍእ ድሕሪ ወርሒ ይውሃብ፣ እቲ ናይ መጨረሻ ከኣ ካብ ናይ መጀመርታ መርፍእ ድሕሪ ሽድሽተ ኣዋርሕ ይውሃብ።

መዓልቲ ክታበት እንተሓሊፍኩም፣ ኣብ ዝቐልጠፈ መዓልቲ ቆጸራ ንምሓዝ ንጉጅለ ክታበት ወይ ንሓኪም ከተዛርቡ ይግባኣ።

## መዓልቲ ክታበት ሓሊፉኒ፣ ሕጂ`ውን ክኽተብ ይኽእል`ዶ?

እወ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ካብ ክልቲኣን መራፍእ ሓድኤን እንተሓሊፋትኩም፣ ክሳብ መበል 25 ዓመትኩም ክትውግኡ ትኽእሉ ኢኹም።
ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍኩም ምስ ናይ ቤት ትምህርትኹም ነርስ ወይ ምስ ሓኪም ተራኸቡ።



## እቲ ክታበት ዝተገብረለን ደቂ ኣንስትዮ፣ ብድሕሪኡ`ውን ናይ ማህጸን ምርመራ ምግባር የድልየን እዩ።

ኣብ ዓዲ እንግሊዝ፣ ኩለን ዕድሚኣን ልዕሊ 25 ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ ናይ ማህጸን ምርመራ ክገብራ ዕድል ይወሃበን እዩ።

እቲ ክታበት ካብ ኣስታት 70% ዘጋጥም ናይ ማህጸን መንሸሮ ክካላኸል እዩ፣ ኮይኑ`ግን ዝኾኑ ካልኦት ዘይልሙዳት ጸገማት ማህጸን ንምርኣይ ምርመራ ከድልይ እዩ።

## ካልኦት ዓይነታት መንሸሮ`ኸ?

ኣብዚ እዋን ንኻልኦት ምስ ኤች ፒ ቪ ዝዛመዱ ዓይነታት መንሸሮ ዝኾኑ መደባት ምርመራ የለዉን። ዝኾኑ ዘሻቕሉኹም ምልክታት ሕማም እንተለዉ፣ ንሓኪም ኣዛርቡ።

ናይቲ ክታበት ጎድናዊ ሳዕቤናት ብዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ወይ ናይ ክታበት ወረቐት ሓበሬታ ሕሙማት ንምርካብ ፣ ናብ ዝስዕብ ተወከሱ **www.nhs.uk/hpv**



## ዘክሩ

- ናይ 6 ኣዋርሕ ፍልልይ ኣብ ዘለዎ ክልተ ግዜ መርፍእ ክታበት ኤች ፒ ቪ ንክትወግኡ
- ናይ ኤች ፒ ቪ ክታበት ሕጂ ንምርካብ፣ ንመጻኢ ካብ ብዙሓት ዓይነታት መንሸሮ ንምክልኻል
- ንመጻኢ እቲ ክታበት ኣብ ዩኬይ ኣብ ዓመት ብሚእትታት ናይ ዝቑጸሩ ሰባት ሂወት ከምዘድሕን ትጽቢት ኣሎ።

**ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ናብ ዝስዕብ ተወከሱ**
**www.nhs.uk/hpv**

ናይቲ ክታበት መስርሒ ንጥረ ነገራት ሙሉእ ዝርዝር ዝርከበሉ: ወረቐት ሓበሬታ ሕሙማት (ፒ ኣይ ኤል): www.medicines.org.uk/emc/medicine/19033

ናይ ፍርያት ባህርያት ጽሟቑ ሓበሬታ (ኤስ ፒ ሲ): **www.medicines.org.uk/emc/medicine/19016/SPC/gardasil/**

እዚ ወረቐት ሓበሬታ ዝተዳለዎ ብህዝባዊ ጥዕና ዓዲ እንግሊዝ እዩ።
**ክታበት፣ ንኹሉ ኣብ ኩሉ ዕድመ ንምክልኻል ይሕግዝ።**

© ክራውን መሰል ቅዳሕ 2020። 1012473A 2p 200K ወርሒ መስከረም 2020 (ኣይ ፒ ኤስ)